King County

# ናይ 2024 ስቴት ዕብየት ስንክልና ንዘለዎምን ናይ ምግንዛብን/ወይ ዕብየት ስንክልና ዘለዎም ህፃናትን ሰባት ብሕጊ መውፅኢ ቀዳምነት ዝወሃቦም



www.kingcounty.gov/ddecsd

***ናይ ዕብየት ምዝንጋዕን ፍልጠትን/ወይ ዕብየት ስንክልና (I/DD) ንዘለዎም ሰባት ዝቕርብ ኣገልግሎት ቀፃልነት ዘለዎን ማዕርነት፡ ኣካታትነትን ብዘለዎ መንገዲ ክቕርብ ኣለዎ። ናይ 2024 ቀዳምነት ዕላማታቱ ከሳኽዕን ኣብ መላእ እዚ ክልል ዝተሃሰዩ ኮማት፣ ምዝንጋዕን ስንክልና፣ ፀለምቲ፣ ኢንዲጅንየስ ሕብሪ ዘለዎም ሰባት (BIPOC) ድልየት ዘንፀባርቕ እዩ።***

## ቀዳምነታት

### ቀዳምነታት 1

እቲ ኣገልግሎት ዝቕርበሉ ሰብን ስድራን ብቋንቋኡ ብዝዛረቡን ባህላዊ ድልየቱ ከማልእሉ ሰባት ከም ዝቕርብ ምርግጋፅ።

### ቀዳምነታት 2

ናይ ዕሸላትን ህፃናት ፈላማይ ደገፍ (ESIT) ኤጀንስትታት ነቲ ስድራ ዘቕርብዎ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ንቲ ፈላማይ ወርሒ ፈንድ ምርካብ።

### ቀዳምነታት 3

ናይ ስራሕ ዕድል መጠን ብምውሳኽን ኮማዊ ኣካታትነት ኣገልግሎት ኣቕረብቲ ክኸፈሎም ብምግባር I/DD ዘለዎም ሰባት ስራሕ ንክረኽቡን ስራሕ ቀፃልነት ክህልዎ፣ ኣብቲ ኮም ንክካተቱን ምሕጋዝ።

### ቀዳምነታት 4 .

I/DD ንዘለዎም ሰባት ተመጣጣኒ ዋጋ መንበሪ ገዛን መንበሪ ገዛ ደገፍ።

### ቀዳምነታት 5

I/DD ዘለዎም ሰባት ከተኣናግዱ ዝኽእሉ ተወሰኽቲ ናይ ባህርያዊ ጥዕና ኣቕረብቲ ምምልማልን ምስልጣን።

2310_13388R_DevelopDisabLegisForum.ai

## **ቀዳምነታት 1- ቋንቋ ተበፃሕነት**

እቲ ኣገልግሎት ዝቐርበሉ ሰብን ስድራን ብቋንቋኡ ብዝዛረቡን ባህላዊ ድልየቱ ከማልእሉ ሰባት ከም ዝቐርብ ምርግጋፅ።

ኣብ ኩሎም ስራሕትን መደባት ናይ ቋንቋ ተበፃሕነት ምህላው ሰባት ዝዛረብዎ ቋንቋ ብዘየገድስ ኣገልግሎት ተበፃሒ ንክኾውን ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ ድማ እቲ ባህሊ ምስቲ ስድራ ዝራኸብ ምኳኑ እውን ኣገዳሲ እዩ። ሰባትን ስድራቤታትን ካብቶም ልምድታቶም፡ ታሪኾም፡ እምነቶምን ቋንቋኦምን፡ ከም ናቶም ዝኾነ ወሃብቲ ኣገልግሎት ካብ ዝረኽብዎ ኣገልግሎት ይጥቀሙ። እዚ ማለት እቲ ዝረኽብዎ ኣገልግሎት ኣገዳሲ፣ ተዛማዲ፣ ደጋፊን ዘይሻራዊን እዩ።




ዝተፈላለዩ ሰነዳት ኣገልግሎት ብናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀሰብን ስድራቤትን ዝመርጾ ቋንቋ ምትርጓም ኣዝዩ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ክቡር'ውን እዩ። እዚ ኣብቶም ኩሉ ግዜ ብኢንሹራንስ ዘይሸፈኑ ተርጐምቲ'ውን ሓቂ'ዩ። እቲ ሓጋጊ ኣካል ንውልቀሰባትን ስድራቤታትን ዝግብኦም ኣገልግሎት፡ ንልምዓታዊ ስንክልናታት ምምሕዳር (DDA)፡ ክፍሊ ህጻናት፡ መንእሰያትን ስድራቤታትን፡ ክፍሊ ሞያዊ ተሃድሶን በዓል መዚ ክንክን ጥዕናን ሓዊሱ፡ ንመንግስታዊ ትካላት ተበጻሕነት ቋንቋ ብምምዋል ከደንፍዕ ይኽእል።



**ጸለምቲ፣ ደቀባትን ህዝቢ ሕብሪን እውን ዝኾኑ ስንኩላን ነበርቲ፣ ካብ ልምዓታዊ ስንክልና፣ ክንክን ጥዕናን ስርዓት ትምህርቲ መባእታ-12ን ድሌታቶም ንምምላእ ከም ዝሸገሩ ንኪንግ ካውንቲ ሓቢሮም። ስድራታት ዓሌታዊ፣ ባህልን ቋንቋ ኣድልዎ ከም ዘበፅሑም ሪፖርት ይገብሩ።**


## ቀዳምነት 2

ንዕሸላትን ንህጻናትን ዝኸውን ቅድመ ደገፍ (ESIT) ትካላት ንመጀመርታ ወርሒ ንስድራቤታት ዝወሃብ ኣገልግሎት ፍሉይ ትምህርቲ ምወላ ከምዝረኽቡ ንምርግጋጽ ምሕጋዝ።



ትካላት ቅድመ ደገፍ ቅድሚ ሓንቲ ስድራቤት ምምዝጋባን እቲ ትካል ብገንዘብ ፍሉይ ትምህርቲ ክኽፈልን ሓያሎ ስጉምትታት ክዛዝማ ኣለወን። ወሃብቲ ኣገልግሎት ሓበሬታ ስድራቤት ንምእካብ፣ ምዕባለን ብቕዓትን ሓደ ህጻን ንምግምጋም፣ ጸብጻብ ንምጽሓፍን ምስ ኣለይቲ ሕሙማት ብምርኻብ ኣገልግሎታት ንምውጣንን ይሰርሑ። ድሕሪ እዚ ኩሉ ስራሕ፡ ኣገልግሎታት ብህጻናትን ስድራቤታትን ይጅምሩ፡ ትካላት ግን ክሳብ ሕጂ ንተወሳኺ ሓደ ወርሒ ንገንዘብ ፍሉይ ትምህርቲ ሕሳብ ክኽፍላ **ኣይክእላን** እየን!

ትካላት ቅድመ ደገፍ ቅድሚ ሓንቲ ስድራቤት ምምዝጋባን እቲ ትካል ብገንዘብ ፍሉይ ትምህርቲ ክኽፈልን ሓያሎ ስጉምትታት ክዛዝማ ኣለወን። ወሃብቲ ኣገልግሎት ሓበሬታ ስድራቤት ንምእካብ፣ ምዕባለን ብቕዓትን ሓደ ህጻን ንምግምጋም፣ ጸብጻብ ንምጽሓፍን ምስ ኣለይቲ ሕሙማት ብምርኻብ ኣገልግሎታት ንምውጣንን ይሰርሑ። ድሕሪ እዚ ኩሉ ስራሕ፡ ኣገልግሎታት ብህጻናትን ስድራቤታትን ይጅምሩ፡ ትካላት ግን ክሳብ ሕጂ ንተወሳኺ ሓደ ወርሒ ንገንዘብ ፍሉይ ትምህርቲ ሕሳብ ክኽፍላ **ኣይክእላን** እየን!




ንእሽቶ ለውጢ ሕጊ፡ ንኤጀንሲታት ESIT ንብቑዓት ህጻናት ዝወሃብ ኣገልግሎት ቀዳማይ ወርሒ፡ ንገንዘብ ፍሉይ ትምህርቲ ሕሳብ ክኽፍላ ብምፍቃድ፡ ምወላ ክውስኽ እዩ። እቲ ሕጊ መውፅኢ ጥራሕ ለውጢ ከምፅእ ይኽእል።

## ቀዳምነት 3

I/DD ዘለዎም ሰባት ስራሕ ክረኽቡን ክሕልዉን ምሕጋዝ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበረሰቦም ክሕወሱ፣ ንወሃብቲ ኣገልግሎት ስራሕን ምትእትታው ማሕበረሰብን ዝኽፈል መጠን ገንዘብ ብምውሳኽ።

ኣገልግሎት ስራሕን ምትእትታው ማሕበረሰብን I/DD ዘለዎም ውልቀሰባት ስራሕ ንኽረኽቡን ንኽሕልዉን ንማሕበረሰቦም ንኽበጽሑን ይሕግዞም። ስራሕ ዘለዎም ሰባት እውን ብገንዘብ ዝያዳ ርጉኣት፡ ዝያዳ ናጻ ኮይኖም፡ ኣብ ሓይሊ ስራሕን ቁጠባን ኣበርክቶ ይገብሩ፡ እዚ ድማ ንኹሉ ይሕግዝ። ስራሕን ምስ ማሕበረሰቦም ዝበጽሕን ሰባት እውን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ብምፍጣርን ሓድሽ ክእለት ብምምሃርን ይጥቀሙ።

ሰባት ኣብ ማሕበረሰቦም ስራሕ ንኽረኽቡን ንኽጸንሑን ዝሕግዙ ወሃብቲ ኣገልግሎት ስራሕን ምትእትታው ማሕበረሰብን ክፍቲ ቦታታት ክመልኡ ኣይክእሉን። ናይ ማሕበራውን ጥዕናን ኣገልግሎት ኣብ 2022 ን DDA ንኣገልግሎት ኣቕረብቲ ዘድልዮ ፈንድን ክፍተታት ንምምላእን ናይ ኣገልግሎት ወፃኢ ንምሽን ዘድልዎ ፈንድ ገሊፁ እዩ። እቲ ሕጊ መውፅኢ ኣብቲ ፅንዓት ዝተጠቐሰ መጠን እንተድኣ ኣቕሪቡ ናይ ኪንግ ካውንቲ 81% ኣቕረብቲ እዋናዊ ተሳተፍቲ ድልየት ከማልኡን 86% ድማ ሓደሽ ሰራሕተኛታት ክቕበሉ ይኽእሉ እዮም።

**ኣብ ናይ ስራሕ ደገፍ ዝኣትው ሕድሕድ ዶላር ናብቲ ኢኮኖሚ 60 ሳንቲም ተመሊሱ ክኣትው ይገብር።**

**ኣብ ቀረባ እዋን ብዝነበረ ናይ ኣቕረብቲ ዳህሳስ እቲ መጠን ናብቲ ከም ምኽረ ሓሳብ ዝቐረበ ደረጃ ክብ እንተድኣ ኢሉ ብዙሓት ኣቕረብቲ እቲ ሕጂ ዘሎ ተሳታፋይ ድልየት ሙሉእ ብሙሉእ ከማልኡን ክሰርሑ ዝደልዩ ሰራሕተኛት ክቕበል ይኽእል እዩ።**

ሙሉእ ብሙሉእ ዝቐርብ ተሳተፍቲ

| | |
|---|---|
| **እዋናዊ መጠናት** | 43% |
| **ከም ምኽረ ሓሳብ ዝቐርበ መጠናት** | 81% |

ሓደሽ ደገፍ ዝግበረሎም ተሳተፍቲ ምቕባል

| | |
|---|---|
| **እዋናዊ መጠናት** | 48% |
| **ከም ምኽረ ሓሳብ ዝቐርበ መጠናት** | 86% |

**ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ ዳህሳስ ከም ዘመላኽቶ 43% ኣቕረብቲ ጥራሕ እቲ ሕጂ ዘሎ መጠን ሙሉእ ቡሙሉእ ከማልኡ ዓቕሚ ኣለዎም።**



## **ቀዳምነት 4**
## I/DD ዘለዎም ሰባት ተመጣጣኒ ዝኾነ መንበርን መንበሪ ደገፍ ክረኽቡ ደገፍ ምግባር።.

ኣብ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ፍልጠትን ዕብየት ስንክልና (I/DD) ዘለዎም 37,000 ዓበይቲ ሰባት ናይ መንበሪ ገዛ ፀገም የጋጥሞም።

I/ DD ዘለዎም ሰባት ተመጣጣኒ ዝኾነ መንበሪን ደገፍ ኣገልግሎት የድልዮም እዩ።

**37,000 ተወሳኺ ክፍሊ ድማ ነቲ ዘይተመጣጠነ መንበሪ ገዛ ድልየት ክማላእ ኣለዎ**



**1,328 HTF ክፍሊ IDD ንዘለዎም ዝተፈጠረ እዩ**

**IDD ዘለዎም ሰባት መንበሪ ገዛ ድልየት ንምምላእ ዓቕሚ ብሓፈሻ ትሕቲ 4% እዩ።**

ዘይተማልአ ናይ መንበሪ ገዛ ድልየት ኣንፃር HTF IDD ዘቖመጦም ክፍልታት፣ መላእ ሀገር ፕሮፎልዮ



ኣብ ኪንግ ካውንቲ ስእነት ገዛ ካብ ዘጋጥሞም ሕድሕድ **10 (11%)** ሰባት እቲ **1 IDD** ኣለዎም

መንበሪ ገዛ ትረስት ፈንድ (HTF) ኣብ ኪንግ ካውንቲ ተመጣጣኒ ዝኾነ መንበሪ ገዛ ፕሮጀክት ፈንድ ዝገብር ኣገዳሲ ፍልፍል እዩ። ን HTF ከምኡ ድማ ካልእ ስቴትን ከባብያዊ መንበሪ ገዛ መማረፂ ቀዋሚ ዝኾነ ፈንድ ፍልፍል የድልይ እዩ። ቀዋሚ ዝኾነ ፈንድ ፍልፍል ብምፍጣርን ናብ HTF ተወሳኺ ፈንድ ብምክታት ስቴት መንበሪ ገዛ ተበፃሕነትን ተመጣጣናይ ዋጋ ምቕራብ ክውስኽ ይኽእል። ብተወሳኺ ድማ ከባብያዊ ፈንዲንግ መማረፅታት ኣድላይ እዩ። እዚ ድማ ናይ ነዊሕ እዋን ወናንነት ንምሕጋዝ ንትርፊ ዘይተጣየሸ መንበሪ ገዛ ፅገናን ኣቕረብቲ ኣፈፃፅማ ፈንድ የካትት።

መንበሪ ገዛ ብምዝምልከት መንበሪ ገዛ ተበፃሕነት I/DD ንዘለዎም ሰባት ቁልፊ እዩ። መንበሪ ገዛ ተበፃሕነት ብኮማዊ ነበርቲ ኣገልግሎት ሰራሕተኛታት ዝቐርብ ደገፍ ኣካል እዩ። እዚ ናይ ስራሕ ሓይሊ ኣዝዩ ፈንድ ዝሓፅሮ እዩ። ብመሰረት ናይ ኮማዊ መንበሪ ኣገልግሎት ማሕበር ኣብ ሕድሕድ ዓመት 50% ዝኾኑ ተመክሮ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ስርሖም ይለቁ። ናይ ኣቕራቢ መጠን ምውሳኽ ድማ ኣብዚ ሓጋዚ ይኸውን። ኣብ DSHS DDA ተወሳኺ ናይ መንበሪ ገዛ ፈንድ ደገፍ ምግባር ኣብ መንጎ መንበሪ ገዛን ደገፍ ኣገልግሎት ዘሎ ምትሕብባር ከመሓይሾ ይኽእል።

ኮምና መንበሪ ገዛ ምርካብ ኣፀጋሚ ከም ዝኾነ ይሕብረልና እዩ። እዚ ድማ ብፍላይ BIPOC ንዝኾኑን ኣብ ገዝኦም ካብ ኢንግልዝኛ ወፃእ ካልእ ንቋ ንዝዛረቡ የጋጥም።



## ቀዳምነት 5

I/DD ዘለዎም ሰባት ብዝግባእ ንምትእንፋድ ባህርያዊ ጥዕና ኣረብቲ ምምልማልን ምስልጣን።.


መብዛሕትኦም ናይ ባህርያዊ ጥዕና ኣቕረብቲ I/DD ዘለዎምን ባህርያዊ ጥዕና ድልየት ዘለዎም ሰባት ኣብ ምትእንጋድ ፍሉይ ስልጠናን ተምክሮን የብሎምን። ፍሉይ ስልጠና ባህርያዊ ጥዕና ኣቐረብቲ ብዝግባእ ምልክታት ኣለልዮም ደገፍ ንክገብሩን ዝሕግዝ እንትኾውን፣ እዚ ድማ I/DD ኣብ ዘለዎም ሰባት ዝተፈለየ ምልክት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ፍሉይ ስልጠና እውን ኣብ እዋን ፀገም I/DD ዘለዎም ሰባት ንምርግጋዕ ናብ ሀንደበታዊ ሓደጋ ክፍሊ ዝኸድሉ መጠን ንምንካይ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ።



## ኮማዊ ድምፂ

ኣብ ኪንግ ካውንቲ ዝተሳተፉ ኮማዊ ኣባላት ከም ዝገለፅዎ I/DD ንዘለዎም ሰባት ባሕርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት ምርካብ ኣፀጋሚ ከም ዝኾነን እዚ ኣገልግሎት ብቋንቋኦም ዝዘረቡን ባህሎም ዝካፈሉ ሰባት ከም ዘይቐርብ ገሊያም እዮም።

ናይ ባህርያዊ ጥዕና ቴራፒስት ስፔሻላይዝድ ስልጠና ቁፅሪ ንውስኹሉ ሓደ መንገዲ ናይ ተምሃሮ ልቓሕ ክፍሊት ፈንድ ምግባርን ኣብ I/DD ንዝገብሩ ናይ ልቓሕ ምስራዝ መደብ እዩ። ቴራፒስታት እንውስኹሉ ካልእ መንገዲ ድማ ኣቕራብቲ I/DD ባህርያዊ ጥዕና ድልየት ዘለዎም ሰባት ብኸመይ ከም ዘለልዩ ስልጠና ምሃብ እዩ።



ኣብ ዋሽንግተን ን **DDA** ብቑዓት ካብ ዝኾኑ ሕድሕድ **5** ሰባት እቶም **2 (37%)** ናይ ባህርያዊ ጥዕና ሕክምና ድልየት ኣለዎም።

ኣብ ኪንግ ካውንቲ ዝተሳተፉ ኮማዊ ኣባላት ከም ዝገለፅዎ I/DD ንዘለዎም ሰባት ባሕርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት ምርካብ ኣፀጋሚ ከም ዝኾነን እዚ ኣገልግሎት ብቋንቋኦም ዝዘረቡን ባህሎም ዝካፈሉ ሰባት ከም ዘይቐርብ ገሊያም እዮም።